# <u>ንጽግዕተኝነት ጉልባቡ ቀሊዑ ዝተቐበለ ነውራም ስርዓት።</u>

*ኣብ ምድሪ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ህዝብታትን ኤርትራ፡ ብስማዊ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ ዘይተነግረ ደኣምበር ዘይተገብረ ኢ-ሰብኣዊ ባርባራዊ ግፍዕታት የለን። እዚ ጸረ-ህዝቢ መንግስታዊ ጉጅለ ከምʼዚ ሎሚ ሓቀኛ ደርባዊ ፖለቲካዊ መንነቱ ከይተቓለዐ፡ ብነጻነትን ነጻነታዊ ተጋድሎን ዘይባህሪኡ ተላቢስሉ ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ ገለ ብግዝያዊ ስምዒት፣ ገለ ብፖለቲካዊ ግርህና፣ ገለ ከኣ ምስናይ ስኽፍታኡ እስከ ኣይንተሃወኽ፣ ግዜ ንሃቦ፣ እስከ ንጸመም ንተዓገስ፣ ንፋስ ኣይነእቱ ብዝብል ብሱል ሓላፍነታዊ ልቦና፡ ናይ ዝበዝሕ ህዝቢ ደገፍ ነይርዎ። ግን "ክቡር የኽብረካ መጠን ነብሱ፡ ሕሱር ከ የሕስረካ መጠን ነብሱ" ከም ዝተባህለ ኮይኑ፡ ብዕሽነትን ፍርሕን ተርጒሙ ክብሪ ኣይሃቦን።*

*ስለዚ ከኣ ክጥቀመሉ ኣይከኣለን ዘይኮነስ ኣይደለየን። ነቲ ዝነቕሐ ብብስለት ብሓላፍነታዊ ኣጠማምታ ኣይንተሃወኽ፡ ትዕግስቲ ንግበር ንፋስ ኣይነእቱ ዝበለ ወገን ከም ተጻባእን ጸላእን ቆጺርዎ። ነቶም ብግዝያዊ ስምዒታዊ ረስኒ ሆ ዝብሉ ዝነበሩን ሰሰናዩ ምምናይʼምበር፡ ሰናይ ከመይ ክመጽእ ከም ዝኽእል ዘይተረድኦ ናይ ፖለቲካዊ ግሩሃት ድማ፡ ከም ዝያዳ ሃገራዊ ሓላፍነት ዘለዎም ብሱላትን ሓርበኛታትን ገይሩ ብምግላጽ፡ ሒዝዎም ብመንገዲ ጥፍኣት ክሃልል መሪጹ። እቶም ቐዲሞም ነገር ካበይ ተበጊሱ ናበይ ከም ዘምርሕን እንታይ ከሽትል ከም ዝኽእል ዝተረድኦ ሓላፍነታውያን ወገናት ብዝያዳ ተሻቒሎም። "ክንዲ ዘኾለስኩ ኢደይ ተነኽስኩ" ከም ዝበሃል መንገድና ጽቡቕ ኣይኮነን ህዝቢ ብሽምኡ ኣይመሓደርን ግን፡ ኣይንተሃወኽ ንተዓገስ ዝብል ቅኑዕ ምኽሪ ዝለገሱ፡ ብበትሪ ስምዒታውያን ደገፍቱ፡ ግሩሃትን ልኩማትን ገይሩ ክሃርሞም ጀሚሩ። ርእይቶኦም ቅኑዕ፡ ስኽፉታኦም ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ ከም ግጉያት፣ ነዳያት፣ ትሕቲ ሃገራውያን፣ ሸየጥቲ ክብሪ ህዝብን ሃገርን ተቆጺሮም ክኹነኑ ክንጸሉ ተሃዲኖም ክእሰሩን ክቕተሉን መምርሒ ኣውሪዱ። ብዙሓት ከኣ ግዳይ ኮይኖም።*

*ንስምዒታውያንን ግሩሃትን ከም ቀንዲ ናይ ስርዓቱ ድኹዒ፡ ኣካይዳና ኣይግድን ግን ኣይንተሃወኽ ንዝበሉ ድማ ሓንሳብ ከም ጸላእቲ ካልእ ግዜ ከኣ ንቅኑዕ ርእይቶኦም ብምምዝማዝ፡ ተዋጋእቲ ደኣምበር ኣመሓደርቲ መዓስ ነይርና፡ ተመክሮ ስለ ዝሓጸረና ተዓገሱና ተጸመሙና ብዝብል ፖለቲካዊ ሸፈጥ፡ ናይ ስለያን ዓፈናን መሓውሩ ብምጽፋይ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሕግን ገባራይ ሓደጋይነቱ ኣረጋጊጹ። ቁጠባዊ ምንጭታት ሃገር ምሉእ ንምሉእ ተቖጻጺሩ። እንተኾነ ከምኡ ገይሩʼውን ስልጣነይ ክምንዛዕʼየ ካብ ዝብል ስኽፍታ ኣይደሓነን። ዘቕስን ባህርን ግብርን የብሉንʼሞ ከም ፖለቲካዊ ውድብ ኮይኑ ካብ ዝምስረት ክሳብ ሕጂ ቀሲኑ ለዋም ለይቲ ኣይሓደረን። ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ማሕበራዊ ክፍልታትን ናይ ጭካነ ስጉምቲ ብምውሳድ እፎይታ ክረክብ ብምሕላን ብቕሉዕን ብስውሩን ዝከኣሎ ኩሉ ፋሽስታዊ ተግባራት ፈጺሙ። ነቲ ሓቂ ብሓሶት ደፊንዎ ክነብር ግን ኣይከኣለን። "በትሪ ሓቂ ትቐጥን 'ምበር ኣይትስበርን" ከም ዝበሃል፡ ኣርሒቖም ዝጠመቱ ቅኑዓትን ሓላፍነታውያንን ዋላʼኳ፡ ኣብ በብመድረኹ ክሳብ ክቡር ናይ ህይወት ዋጋ ዝኸፈሉ እንተኾኑ፡ እዚ ጉጅለ ድሕሪ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ንዝተፈጥረ ናይ ስልጣን ባዶነት ተረኪቡ ክብገስ እንከሎ ኣትሒዙ ዝሓደሮም ስኽፍታ ግን፡ ነዊሕ ዓመታት ከይጸንሐʼዩ ብተግባር ኣብ ባይታ ክገሃድ ጀሚሩ።*

*ብባህሪኡ ኣብ ህዝቡን ጭቡጥ ውሽጣዊ ዓቕሙን ተኣማሚኑ ክኸይድ ስለ ዘይኽእል ድማ፡ ካብ ጽባሕ ነጻነት ጀሚሩ "ወይ ጎቦኹን ወይ ናብ ጎቦ ተጸጋዕ" ኢሉ ብወግዒ ኣብ ስግር ባሕሪ ኮይኖም ዘመሓድርዎ ጎይቶት ኣብ ምምራጽ ኣትዩ። ንመድረኽ ዝሑል ኲናት ብዓወት ናይ ዝዛዘመት ርእሰ ሓያል ሃገር ባርኾት ድማ ረኺቡ። ለኣኺት ርእሰ ሓያል ሃገር፡ ተለኣኺ መንግስቲ ውልዶ ሃገረ ኤርትራ ኮይኑ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ንምኳን ፈቲኑ ነይሩ። ብስም መድረኽ ነጻነታዊ ቃልሲ ኣብኡ ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋን ዝተራእየ ጀግነትን ሓርበኝነትን እናኳማሰዐ፡ ሰላምናን ዕቤትናን ኣብ ልዕሊ ዝምነዩ ፈተውትን ጎረባብትን ሃገራት፡ ግበር ኣብ ዘዝተባህሎ ንጽልኢ ዝኸውን ባይታ ብምፍጣር፡ ናብ ዘይተጸበይዎ ደማዊ ኲናትን ዕንወትን ክኣትው ኣገዲዱዎም። ኣብ ኩሉ ድማ ሰብኣውን ነዋታውን ዓቕሚ ኤርትራ ብዝያዳ ተሃስዩ። ጸረ-ህዝቢ ፖለቲካዊ ተፈጥሮ ግን ንካልኦት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንበዓል ቤቱʼውን ዘይምሕር፡ ከም ዝብኢ ተመሊሱ ዝቖሰለ ስጋኡ ዝምንጭት ደኣምበር ዘቕስን ባህሪ ስለ ዘይብሉ ድማ፡ ውሽጣዊ ምትእምማን ኣጥፊኡ፡ ሃዳናይን ተሃዳናይን ብምኳን ማይ ቤቱ ክሃምምን መሊሱ ክርበጽን ኮይኑ።*

*ህዝቡ ዘይፈቱን ዘየኽብርን ግን ከኣ ልዑል ህርፋን ፖለቲካዊ ስልጣን ዘለዎ ጉጅለ፡ ውሕስነትን ቀጻልነት ስልጣኑ ካብ ካልኦት ክደሊ ናይ ግድን ይኸውን። ዋላʼኳ ብልሳኑ ደፋርን በዓል መትከልን ክመስል ሎሚʼውን ከም ትማሊ "ዋሕስና ሓራ ፖለቲካዊ መስመርና" እንተጨረሐ፡ ብተግባር ብዋጋ ክብርን መሰልን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝጣላዕ ስማዊ ጽግዕተኛ ስርዓት ምኳኑ ተግባሩ ምስክርʼዩ። ህግደፍ መን እሙን ጎይታ ኮይኑ፡ ብዙሕ ገንዘብ ሂቡ ይልእከኒ ነብሱ ናብ ጨረታ ኣውሪዱ፡ ኣብ ዓለማዊ ኩነታት ትርጉም ዘለዎ ጽልዋ ዘለዎምን ዘይብሎምን መንግስታት ክሻኾትሉ ጥጡሕ ባይታ ፈጢሩ ይርከብ። ኣብʼቲ ጨረታ ካብ ሎሚ ንደሓር ናተይ ኣገልጋሊ ኢኻ ኢሉ ዝመጽኦ ዘተኣማምን ጎይታ ክሳብ ዝረክብ ድማ፡ ንኹሎም ተጽዕኖ ፈጠርትን ሰብ ገንዘብን የማን ጸጋም እናተላኸዐ ክሳብ ብዋጋ ልኡላዊ መሬትና ከገልግል ቅሩብ ኮይኑ ጉልባቡ ቀሊዑ ይነጥፍ ኣሎ።*

እዚ መንግስታዊ ጉጅለ ብባህሪኡ ኣብ ገዛእ ነብሱ ዝተኣማመን ኣይኮነን። ህዝቡ ዘጽለኦን ካብ ህዝቡ ክንጸል ዝገብሮ ዘሎን ቀንዲ ምኽንያት'ውን ንሱ'ዩ። ካብ ቀደሙ ብተኸታቲኹ ባህሪኡን ቀዲሙ ሃሪሙ ቀዲሙ ዝበኪ ምኽኑን ደኣምበር ብንጹር ፖለቲካዊ መትከላት ዝልለ ኣይንበረን። ናተይ ዝብሎ ፖለቲካዊ መንነት ዘይብሉ ጉጅለ፡ ኣንፈቱ ኣጥፊኡ ጽግዕተኛ ናይ ጉልበት ዘለዎም ኮይኑ ቀጻልነቱ ከውሕስ ክፍትን ከኣ ባህሪያዊ ይኸውን። ብወሳኒ መልክዑ እዚ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ተቖጻጺሩ ድሕነት ቀጻልነት ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ግዳማውያን ሓይልታት ክረክብ ዘምባሁቕ ዘሎ ጉጅለ፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ክሳብ ንምሉእ ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ ዝሸራርፍ ስምምዕ ክገብር ትንዕታ የርኢ ምንባሩ፡ ኣብ በበይኑ ኣጋጣሚታት ዝተፈላለዩ ፈለጥቲ ውሽጢ ብመርተያ ኣደጊፎም ምስክርነቶም ክህቡ ጸኒሖም'ዮም። እዚ ዘይጽንዓቱ ሽታሕታሕ በሃሊ ምኽኑ፡ ተንበርካኺ ምኽኑ ጽቡቕ ገይሩ ኣመት ዝህብ'ዩ።

ኣብ መጀመርያ 90ታት መራሒ ናይ'ዚ ጭፍራ ኣብ'ቲ ዓመታዊ ሕቶታት ህዝብን መልሲ ፕረዚደንትን እናበሉ ዝገልጽዎ ዝነበሩ መድረኽ፡ ከይተሰከፈ "ወይ ጎቦ ኩን ወይ ናብ ጎቦ ተጸጋዕ" ከም ዝበሃል ንሕና ኣብ መንጎ ዓበይቲ ሃገራት እንርከብ ንእሽቶ ሃገር ከም ምኽና መጠን የዋጽኣና ምስ ዝበልናዮ ተጸጊዕና ኣለና ክብል ዝገለጾ'ውን ብተፈጥሮኡ ጽግዕተኛ ምኽኑ ካልእ መረጋገጺ'ዩ። ይኹን 'ምበር ኣብ መንጎ ብፍላይ ድሕሪ'ቲ ብዶብ ኣመኽኒዩ ምስ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ዝኸፈቶ ትርጉም ኣልቦ ኣብራሲ ኲናትን እቲ ኲናት ብስዕረቱ ምዝዛሙ፡ ምስ'ቲ ጎቦ ክኾና የዋጽኣኒ ኢሉ ዝተጸገዖ ልዕሊ ሓያል ሃገር፡ ንዓይ ኣጓኒዩ ምስ ካልእ ተሻሪኹ ብዝብል ፈኲስን መሕፈርን ምስምስ መሰረታዊ ጽልኢ ከም ዘለዎ እናገለጸ፡ ደላይን ተዓባይን ኮይኑ ከም ሕንቁቕ ቆልዓ ንነዊሕ ዓመታት ምኒን ክብል ጸኒሑ።

ካብ ቅድሚ ኣስታት ሰለስተ ዓመታት ይገብር ግን፡ ኣብ'ታ ልዕሊ ሓያል ሃገር ተሰማዕነት ኣለዎም ዝበሃሉ ሰባት፡ ብምስጢር እናረኸበ ሸምግሉኒ ኢሉ ይሓትት ከም ዘሎ ምስጢር ክዘሩቕ ጀሚሩ። ጸለውቲ ኣምባሳደራት ነበር ድማ ነቲ ሕንቃቐ ዝፈጠሮ ግዝያዊ ኮርነፍነፍ ምስ መንግስቶም ተላዚቦም ብምልዛብ፡ ዳግም ቃኘው ስቴሽን ዘጣይስሉ ኣርሒቖም እናተተስፋው፡ ካብ ቃሬዛ ኣውሪዶም ህይወት ክዘርእሉ'ሞ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እሙን መሻርኽቲ ዘይኮነ ንፉዕ ተለኣኣኺ ኮይኑ ከገልግል ባይታ ክፈጥርሉ ክጽዕሩ ጸኒሖም ኣለው። ከም መቐጸልታኡ ከኣ፡ ብ8 ታሕሳስ 2016 ኣትላንቲካዊ ቤት ምኽሪ ዝተባህለ ናይ መጽናዕትን ምርምርን ትካል ኣመሪካ፡ ብኣደ-መንበርነት ወ/ሮ ብራውኒን ብራተን ተመሪሑ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ክኢላታት ዝተሳተፍዎ ዓውደ ዘተ ኣካይዱ ነይሩ። መራሒት መድረኽ ወ/ሮ ብራተን ምስ'ቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ብኣምባሳደር ሄርማን ኮሆን መንግስቲ ኤርትራ ካብ'ዚ ብዓለም ዝቐርበሉ ዘሎ ገበናዊ ክስታት ነጻ'ዩ። ካብ ውድቀት ንምድሓን ክሕገዝ ደኣምበር ክንጸል የብሉን ብዝብል ኣቕሪብዎ ዝነበረ ንብዙሓት ዘገረመ መግለጺ ዝመሳሰል፡ "ኤርትራ ካብ ኣትያቶ ዝጸንሐት ጽምዋ ትወጽእ ኣላ" ኣብ ኤርትራ ሰላም ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ ንመላእ እታ ሃገር ተቖጻጺሩ የመሓድር ኣሎ። እዚ እነ ባዕለይ ብኣካል ከይደ ዘረጋገጽክዎ'ዩ። ስለዚ ነዚ መንግስቲ ካብ ውድቀት ነድሕኖ ክትብል ሓቢራን ተላብያን። ኣምባሳደር ሄርማን ኮሄን ድማ ሓደ ካብ'ቶም ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ዓውደ ዘተ'ዩ ነይሩ።

ጸለውቲ ባእታታት ኣመሪካ ነዚ ጭው ዝበለ ፍጹም መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ክፉእ ገበናዊ ተግባሩ ብማስኬራ ሸፊኖም ንምድሓኑ ዝገብርዎ ዘለው ዘብዘብ፡ ስለምንታይ ንምንታይ ዕላማ? ንድሕነት ህዝብታት ኤርትራን ክብረት ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራን? በፍጹም ኣይኮነን። ፖለቲከኛታት ርእሰ ሓያል ሃገር ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ገዛእ ርእሶም ሃገራዊ ስትራተጂካዊ ረብሓ ከመይን ብመንን የረጋግጹ'ዮም ሃሰው ዝብሉ ዘለው። ካብ ህዝቡ ተነጺሉ ኣብ ፍጹም ምሕረት ግዳማውያን ሓይልታት ዝወደቐ ጉጅለ ህግደፍ ድማ፡ ህዝባዊ ክብርን ረብሓን ባዕሉ ይፈልጥ፡ ግዝኣታዊ ልኡላውነት ባዕሉ ይፈልጥ ጽላል ክሳብ ዝኾንኩምኒ ኩለንተናይ ንዓኹም'ዩ ዝብል ዘሎ። ፍንፉን ስርዓት ህግደፍ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ነብሱን መሬትን ናብ ዕዳጋ ኣውሪድሉ ዘሎ መድረኽ'ዩ ሎሚ።

እዚ ጽግዕተኛ መንግስታዊ ጉጅለ ምስ ኤውሮጳዊ ሕብረት ብሓባር ኮነ ምስ ኣባል ሃገራት እቲ ሕብረት ብተናጸል፣ ምስ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ብተነጸልን ብኣኣ ምስ ዝምራሕ ኣንጻር የመናውያን ተቓወምቲ ዘቕነዐ ምሕዝነታዊ ኪዳን፣ ምስ ሃገረ ቐጠር፣ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፣ ግብጺ ዘካይዶ ዘሎ ብወሳኒ መልክዑ ዘይግሁድ ምስጡር ርክባት ከም ክልተ ኣካላት ወይ መንግስታት ብሓባር ኣብ ዘገድሱን ንህዝቢ ዘርብሑ ፕሮቶኮላዊ ስምምዓት መሰረት ዝገበረ ዘይኮነ፡ ናይ ለኣኽን ተለኣኽን ስምምዓት'ዩ። ሕብረት ኤውሮጳ ኮነ ኣባል ሃገራቱ ብተናጸል፡ ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን ዜጋታት መን ምኽኑ ሕርሕራይ ገይሮም እናፈለጡ፡ ብጉልባብ ምዕጋስን ምዕጋትን ዋሕዚ ስደተኛታት ምስቲ ጉጅለ ዘርእይዎ ዘለው ዘይቅኑዕ ምቕርራብ፡ ክኒዮ ምዕጋት ስደተኛታት ዝኸይድ፡ ምስ ምጉሕጓሕ ባህሪያዊ ጸጋታት ኤርትራን ካብ ምድሪ ኤርትራ እናተበገሱ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክቆጻጸዩ ዘኽእሎም ባይታ ንምጥጣሕን ስቱር መደብ ከም ዘለዎም ዘመላኽት'ዩ። ብንግስነት ስዑዲያ ዝምራሕ ምሕዝነት፡ ንግስነት ቐጠር፣ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከምኡ'ውን ግብጺ ዝገብርዎ ዘለው ዝምድና'ውን ተመሳሳሊ ውጥናት ዘለዎ'ዩ።

እዞም ህግደፍ ናይ ስልጣን ኣድሕን ዕቑባ ሃቡኒ ዝብሎም ዘሎ ኣካላት፡ ብከመይ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ህዝቦም የረጋግጹ ኣብ ጸብጻብ ኣእትዮም'ዮም ዝዋስኡ ዘለው። ንሳቶም ጽባሕ ካብ ጸጋታት ኤርትራ ዝምልስዎ፡ ገንዘባውን ዓይነታውን ደገፋት ክገብርሉ፡ ጉጅለ ህግደፍ ድማ ኤርትራዊ ሰብኣዊ ዓቕሚ ናብ ዓውደ ኲናትን ባርነት ዘዳልወሉ፡ ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ መፈተኒ ኣጽዋር ኲናት፡ መሰልጠንን መሰጋገርን ኮይኑ ከገልግል ረሓ ኣብ ዝገብረሉ ኣፈጻጽማ መሰረት ገይሮም ከም ዝዛራረቡ፡ እተን ድሮ ኣብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ኣብ ዝመረጸኦ ቦታታት ወተሃደራውን ቁጠባውን ትሕተ ቕርጻውን መደባት ዘንጽፋ ዘለዋ ሃገራት ጭቡጣት ኣብነት'የ። እዚ ከም ህዝብን ልኡላዊ ሃገርን  ክረአን ክምዘንን እንከሎ ኣዝዩ ዘሕፍር'ዩ። ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ሃገር ዝመርሕ ዘለኹ መንግስቲ'የ ይበል ደኣምበር፡ ናይ ስልጣን ኣድሕን ዕቑባ'ዩ ዝሓትት ዘሎ። ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ምቕጻል ዘይምቕጻልን ካብ ዕግበትን ሰናይ ፍቓድ ህዝብታት ኤርትራ ክጽበዮ ዝግባእ ክንሱ፡ ነዚ ዝውስኑን ዘውሕሱን ግዳማውያን ሓይልታት'ዮም ዝብል ውዱቕ ሕልና ሒዙ'ዩ ላዕሊ ታሕቲ ዝብል ዘሎ። መንግስቲ ኮይንካ ኣብ ገዛእ ሃገርካ እናሃለኻ ንግዳማውያን ሓይልታት ናይ ስልጣን ኣድሕን ዕቑባ ምሕታት ንሎሚን ንታሪኽን ምሒር ዘሕፍር'ዩ።

ዜጋታት ብተናጸል ድዩ ብእኩብ ብሰብ ዝሰርሖን ባህሪያዊ ሓደጋታትን ካብ ከባቢኦም ክፈናቐሉ፡ ዶብ ሰጊሮም ኣርሒቖም ክስደዱ፡ ኣብ ዝኸድዎ ፖለቲካዊ ዕቑባ ሓቲቶም ሰብኣዊ መሰሎም ተኸቢርሎም ሰሪሖም ህይወቶም ዝመርሕሉ ኣፍ ደገ ክረሓወሎም ክሓቱ ካብ ቀደም ዝጸንሐ፣ ዘሎን ዝቕጽልን ጉዳይ'ዩ። ከም'ዚ ኣብ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ ኮይኑ ዘሎ፡ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ መንግስቲ ንቀጻልነት ኣብ ስልጣንን ገንዘባውን ነገራውን ረብሓን ክበሃል፡ ኣብ ዝለኣኽክሙኒ ክኣቱ ብተኣማንነት ከገልግለኩም ኣዕቑቡኒ ዝብል ዘነውር ተግባር'ዩ። “ላምሲ ብኢዳ ክቐርባ ብእግራ ትሓክኽ” ከም ዝበሃል ነቲ ዝተፈጥረሉ ህዝቢ፡ ንዓኻን ስለኻን'የን ዝሰርሕ ዘለኹ እናበለ፡ ቃሕ ከም ዝበሎ ዘመሓድሮ ሚሊዮናት ህዝቢ ኣብ ትሕቲኡ እናሃለወ፡ ናይ ስልጣን ኣድሕን ዕቑባ ክረክብ ነብሱን ልኡላዊ መሬቱን ናብ ጨረታ ኣውሪዱ መጻወቲ ርእሰ ሓያላንን ሰብ ገንዘብ ክኸውን  ኣሕሊፉ ምሃቡ፡  ንተንበርካኺ ባህሪኡ ደሚቑ ክረአ ዝገበረ ኣዕናዊ ስራሕ'ዩ።

ምስ መንግስታትን ሃገራት ዝገብሮ ዝምድናታትን ዝረኽቦ ረብሓታትን ኩሉ ቀጥታ ምስ ድሕነትን ቀጻልነትን ፖለቲካዊ ስልጣኑ ዝተኣሳሰረ ከም ዝኾነ ካብ ዘረጋግጹ ሓደ ከኣ፡ እቲ ርክብን ዝተረኽበ ገንዘባውን ዓይነታውን ሓገዛት ግሉጽነት ዘይብሉ ምዃኑ'ዩ። ወደብ ዓሰብ ሓውሲካ ኣብ ቀይሕ ባሕርናን ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ገምጋም ባሕርናን በዓል መን መንግስታት ኣትዮም ኣለው? ስለምንታይ ኣትዮም? መሬት ብኸመይ ረኺቦም? ንክንደይ ዓመት ተኻርዮሞ? ብንክደይ? ዓመታዊ ካብኡ ዝርከብ እቶት ክንደይ ይኸውን ኣብምንታይ መዓላ'ኸ ይውዕል? ብኸመይ ኣገባብ? ዝተፈላለያ ናይ ምዕራብ ኩባኒያታት ኣብ ወርቂ፡ ፖታሽን ካልኦት መዓድናት ተዋፊረን ባህሪያዊ ሃብትና ይግሕጣ ከም ዘለዋ ይፍለጥ። ካበየናይ ዓይነት መዓድንን ቦታን እንታይ ረብሓ ተረኺቡ ግን ካብ መንግስቲ ዝወሃብ ወግዓዊ ሓበሬታ የለን። ኩባኒያታት ዕደና ኮነ፡ ወተሃደራዊ መደበራት ዘጣየሳን ኣብ ምጥያስ ዝርከባን ሃገራት ኣብ ባህልና ሃይማኖትናን ክብርናን እንታይ ኣሉታዊ ጽልዋታት ይፈጥራ ኣለዋ'ውን ዝፍለጥ ነገር የለን። እዚ ህግደፍ ነብሱን መሬቱ ብምሻጥ ነታ ካብ ኢዱ ከይተምልጥ ሕግብግብ ዝብለላ ስልጣኑ ዕቑባ ንምርካብ ጽግዕተኝነት ብወግዒ ተቐቢሉ ብደይ መደይ ዝገብሮ ዘሎ ምዃኑ ግን ርዱእ ክኸውን ይግባእ።

ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊት ልሳን ደግሓኤ ቁ 15 ጥሪ 2017 ዝተወሰደ፡
ፈነወ ረድዮ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 22-02-2017